ዜና ነሓሰ 10፡ 2007

## ብመንግስቲ ኤርትራ ንክልተ ዓመት ተኣሲሮም ዝነበሩ ሓለፍቲ ማሕበር ሰራሕተኛታት ተፈቲሖም።

ብመንግስቲ ኤርትራ ተኣሲሮም ንልዕሊ ክልተ ዓመት ብዘይፍርዲ ዝጸንሑ ሰለስተ ሓለፍቲ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ኣቶ ተወልደ ገብረመድህን፡ ምናሰ ዓንደጼን ከምኡ 'ውን ሃብቶም ወልደሚካኤል ከምዝተፈትሑ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ንመርበብ ሓበሬታ IUF ብምጥቃስ ይሕብር።

ብመሰረት 'ቲ መርበብ፡ ገብረመድህንን ዓንደጼንን ብድምጺ ምርጫ ናብ ሓላፍነት መጺኦም ከም መራሕቲ ሃገራዊ ፌደረሽን መግቢ ሕርሻ ትንባኾን ቱሪዝምን ኮይኖም ዝዓዩ ዝነበሩ እዮም። ሃብቶም ድማ ኣባል ናይቲ ፌደረሽን ኣብ ዝኾነ ናይ ረድ ሲ ቦትለርስ ሰራሕተኛታት ኮካኮላ ማሕበር ሓላፊ ዝነበረ እዩ።

## ኤርትራውያን ካብ ባሕሪ ሜደትራንያን ብኣባላት ጸጥታ ሊብያ ተጨወዮም

ብሰንበት 5 ነሓሰ፡ ልዕሊ 120 ዝኾኑ ኤርትራውያን ሒዛ ካብ ሊብያ ናብ ጣልያን ትጎዓዝ ዝነበረት ጃልባ፡ ኣብ ሜዴትራንያን ባሕሪ ከላ ብዘጋጠማ ብልሽት ናይ ርድኡና መልእኽቲ ናብ ኩለን ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ሃገራት ድሕሪ ምስዳድ ኣባላት ጸጥታ ሊብያ ተቐላጢፎም ብምጭዋይ ኣሲሮም ናብ ኤርትራ ክጥረዙ ቐሪቦሞም ኣለዉ ይብሉ ምንጭታት ካብ ሊብያ።